Gesundheitsdepartement des Kantons Basel-Stadt


**Medizinische Dienste**

▶ Prävention

prevent.bs

ኣብ ቆልዑ
ካብ 4 ክሳብ 8
ዓመት

# ምስ ዲጂታላዊ ሚድያ ንምግጣም ዝሕግዙ ምኽርታት




ዲጂታላ ዊሚድያታት ክፋል መዓልታዊ ናብራና እዩም፡፡ ኩላትና ንጠቐሙሎም፡፡ ይኹን እምበር ምስ ስማርትፎናት፣ ታብሌታት፣ ኮምፒዩተራት፣ ፕለይስተሽን፣ ተለቪዥን ወዘተ ብዙሕ ግዜ ምብዛሕ ንኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ምዕባለ ብፍላይ ኣብ ህጻናት ጎዳኢ እዩ፡፡ ስለዚ ድማ እዩ ህጻናት ሚድያ ክጥቀሙ ከለዉ ሕግታት ዘድልዩም፡፡ ካብ 4 ክሳብ 8 ዓመት ንዝዕድሚኦም ህጻናት እንታይ ኣገዳሲ ምኳኑ ብ9 ምኽርታት ክነርእየኩም ኢና፡፡

**1** **ውሑድ ዲጂታል ሚድያታት**
ህጻናት ዝበለጸ ዝምዕብሉ ብዙሕ ዝንቀሳቐሱን ዝተፈላለየ ነገራት ምስ ዝፍትኑን እዮም - ንኣብነት ምንባብ፡ ኩዕሶ እግሪ ምጽዋት፡ ኢደ ጥበብ ምስራሕ ወይ ሳዕስዒት፡፡

**2** **ብዝለዓለ. ኣብ መዓልቲ 30 ደቓይቕ ናይ ስክሪን ግዜ**
ኣብ ስማርትፎን/ታብሌት ናይ ስክሪን ግዜ ይድርቶን ኣብ መንጎ ዘሎ ዋይፋይ የጥፍኦን፡፡ ደቅኹም ነቲ መሳርሒ ንኽርሕቖዎ ሓግዙዎም፡ ንኣብነት ናይ ሚድያ ግዜ ምዝዛሙ ቅድሚ 5 ደቓይቕ ኣፍልጡ ወይ ድማ ኣላርም ሰዓት ኣቐምጡ፡፡

**3** **ቅድሚ ትምህርትን ምድቃስን ናይ ስክሪን ግዜ የለን**
ደቅኹም ቅድሚ ትምህርቶምን ቅድሚ ምድቃሶምን ብዘይ ዲጂታላዊ ሚድያ ነቲ ግዜ ከሕልፍዎ ይግባእ፡፡

**4** **ኣብ ክፍሊ ህጻናት መሳርሒታት ሚድያ የለን**
ደቅኹም ኣብ ስክሪን ከይተዓዘቡ ግዜ ከሕልፉ የብሎምን፡፡ ስለዚ መሳርሒታት ሚድያ ኣብ ሳሎን ወይ ክሽነ ምቕማጥ ዝበለጸ እዩ፡፡

**5** **ናይ ሚድያ ግዜ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር**
ደቅኹም ሚድያ ክጥቀሙ ከለዉ ኣብ ቀረባኹም ኩኑ፡፡ ወይ ድማ ምስኦም ገለ ነገር ርኣዩ፡፡ በዚ መንገዲ እቶም ቆልዑ ሕቶታት ክሓቱን ክፈርሑ ከለዉ ክዛረቡን ይኽእሉ፡፡.

**6** **መሳርሒታት ሚድያ ኣላዪ ህጻናት ኣይኮኑን፡፡**
ኩሉ ግዜ ብዙሕ ስራሕ ኣሎ፡፡ ንህጻናት ምስ ሚድያ ምውፋር ግን ካብዚ ወጻኢ ክኸውን ይግባእ፡፡ ደቅኹም ኣብ መዓልታዊ ህይወትኩም ክሳተፉ ክኽእሉ ኣገዳሲ እዩ፡፡

**7** **ምስ ዕድመ ዝሰማማዕ ፊልምታትን ጸወታታትን**
ተኸታተልቲ ፊልምታት፡ ፊልምታት ወይ ጸወታታት ንህጻናት ከፈራርሕዎም ወይ ክዓብጥዎም ይኽእሉ፡፡ ስለዚ ደቅኹም ምስ ዕድሚኦም ዝሰማማዕ ትሕዝቶ ጥራይ ክዕዘቡ ፍቐዱሎም፡፡ ኣብ flimmo.de ለበዋታት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡፡

**8** **ተቓውሞ ምጽዋር**
ሕግታት ዲጂታላዊ መሳርሒታት ሓደ ሓደ ግዜ ንደቅጅኹም ከሕርቖም ይኽእል እዩ፡፡ እዚ ፍጹም ንቡር እዩ፡፡ ሕርቃንን ንብዓትን ክትጻወር ምጽዓር፡፡

**9** **ኣርኣያ ኢኹም**
እቶም ቈልዑ ኻብ ወለዶም ብዙሕ እዮም ዚመሃሩ፡፡ ስለዚ ስማርትፎንካ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ቅድሚ

**ደቅኻ ውሑድ ተጠቐም፡፡** ተጠቐም፡፡ ብንቑሓት ተለቪዥን ኣጥፍእዎ፡፡ ከምኡ’ውን ዲጂታላዊ ሚድያ ኣብ እትጥቀመሉ እዋን ናይ ግዜ ገደብ ኣቐምጥ፡፡

Erziehungsdepartement des Kantons Basel-Stadt

**Volksschulen**

▶ Schulsozialarbeit

PRO JUVENTUTE

Stiftung Blaues Kreuz MUSUB beider Basel

**SCHULSOZIALARBEIT**
ኣብ ነፍሲ ወከፍ ህንጻ ቤት ትምህርቲ፡ ሞያውያን ክኢላታት ንተማሃሮን ወለድን ዝኾነ ሕቶ ወይ ጸገም እንተሃልዩዎም ይመኽሩ፡፡ ከም ወላዲ መጠን እውን ከይተመዝገብኩም ክትመጹ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ኩሉ ዝርርብ ምስጢራዊ እዩ፡፡
**ተሌ: +41 61 267 56 18**

**PRO JUVENTUTE**
ኣገልግሎት ምኽሪ ወለዲ Pro Juventute 24 ሰዓታት - ብተሌፎን፡ ብዋትስኣፕ ወይ ብኢመይል ይርከብ፡፡ ኣማኸርቲ እውን ሕቶታትኩም ብቕልጡፍን ብቑሊሑን ብነጻን ይምልሱ፡፡
**ተሌ: +41 58 261 61 61**
www.projuventute.ch/elternberatung

**MULTIKULTURELLE SUCHTBERATUNGSSTELLE**
ጸገም ዘለዎ ሃልኪ ዲጂታላዊ ሚድያ እንተሃልዩካ፡ ክኢላታት ብ11 ቋንቋታት ምስጢራዊን ነጻን ደገፍ ክህቡኻ እዮም፡፡
**ተሌ: +41 61 261 56 13**
www.mituns.ch

Tigrinya/07/2024